


# ዲጂታላዊ ምኽሪ

## ከምዚ ጌርካ ጽቡቕ ፓስዎርድ ትሰርሕን ብውሑስ ትሕዞን

**ጽቡቕ ፓስዎርድ እንታይ ኢዩ?**

- ጽቡቕ ፓስዎርድ ክትዝክሮ ቀሊል ክትግምቶ ግን ኣጻጋሚ ዝኾነ እዩ።
    - ከም ናይ ገዛእ ርእስኻ ሽም፣ ውህደት ቁጽሪ ከም ”123456” ወይ ሓንቲ ቃል ከም ”rovaniemi” ወይ ”salasana” ፓስዎርድ ኣይትጠቐም– ክትግምቶም ወይ ክትስንጥቖም ቀለልቲ እዮም።
    - ኣብ ዝተፈላለየ ኣገልግሎታት ሓደ ዓይነት ፓስዎርድ ኣይትጠቐም፡
      ኩሉ ግዜ ሓድሽ ፓስወርድ ኣውጽእ።
- ጽቡቕ ፓስዎርድ ብዝተኻእለ መጠን ነዊሕ እዩ፣ እንተተኻኢሉ እንተወሓደ ካብ 10-12 ፊደላት።
- ጽቡቕ ፓስዎርድ ዓበይትን ንኣሽቱን ፊደላት፣ ቁጽርታትን ፍሉያት ፊደላትን ኣለዎ (ንኣብነት ? ! # % -)

**ንኣብነት ከምዚ ዝበለ ፓስዎርድ ክትገብር ትኽእል:**

- ከም ፓስዎርድኻ ክትዝክሮ ቀሊል ዝኾነ ሓረግ ምረጽ
    - Minulla on kissa
- ገለ ካብቲ ፊደላት ብዓበይቲ ገለ ድማ ብንኣሽቱ ፊደላት ጽሓፍ
    - MinullaOnKiSSa
- ኣብቲ ፓስዎርድ ቁጽርታትን ፍሉያት ፊደላትን ወስኽ
    - 4MinullaOn!KiSSa8



**ከመይ ጌረ ኩሉ ፓስዎርድታተይ ክዝክሮ ይኽእል?**

- እንተደሊኻ ፓስዎርድ ማናጀር ክትጥቀም ትኽእል።
  ኩሉ ፓስዎርድኻ ክትዕቅበሉ እትኽእል ኣፕሊከሽን እዩ።
  ሽዑ ሓንቲ ፓስዎርድ ምዝካር እኹል እዩ።
    - ኣብነታት ናይ ነጻ ፓስዎርድ ማናጀራት (ዓመት 2022):
      RoboForm, Bitwarden, mSecure ja Zoho Vault
    - ኣብነታት ናይ ዝኽፈሉ ፓስዎርድ ማናጀራት (ዓመት 2022):
      Dashlane, LastPass, NordPass, 1Password, Keeper ja LogMeOnce

ROVALA
MONINET
Monikulttuurinen työ
TUETTU VEIKKAUKSEN TUOTOILLA
Elinkeino-, liikenne- ja ympäristökeskus
Vipuvoimaa EU:lta 2014–2020
Euroopan unioni
Euroopan sosiaalirahasto